National Institute for Public Health and the Environment
*Ministry of Health, Welfare and Sport*

# ክታበታት ንውላድኩም

**ሃገራዊ መደብ ክታበት**

## ክታበት ንምንታይ?

ኣብ ኔዘርላንድ ዝርከቡ ሕጻናት ድሮ ዳርጋ ንኣስታት 70 ዓመታት ኣንጻር ከበድቲ ተላባዕቲ ሕማማት ክኽተቡ ጸኒሖም እዮም። ከም ውጽኢቱ ድማ እዞም ሕማማት ኣብዚ ዳርጋ ጠፊኦም ኣለዉ። ኮይኑ ግን ኣድላይነት ክታበት ቀጻሊ እዩ፣ ምኽንያቱ እንተደኣ ክታበት ኣቋሪጽና እቶም ሕማማት እንደገና ስለ ዝምለሱ።

## ብኸመይ ይሰርሕ?

ብመንገዲ ክታበት ናይ ውላድኩም ኣካል ኣንጻር ሕማም ዘስዕቡ ቫይረሳትን ባክተርያታትን ናይ ምክልኻል ዓቕሙ ይሃንጽ። እዚ ማለት ድማ ውላድኩም ኣይሓምምን፣ ወይ ኣዝዩ ሒደት ይሓምም ማለት እዩ። ውላድኩም ንኻልኦት ክልብድ ዘሎ ዕድል እውን ሒደት ይኸውን። እዚ ነቶም (ገና) ክታበት ዘይወሰዱ ቆልዑት ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ንኣብነት ኣዝዮም ንኣሽቱ ስለዝኾኑ ወይ ብሰንኪ ሕማም ክኽተቡ ዘይክእሉ።

መብዛሕትኡ ግዜ ሓደ ቆልዓ ኣብ ሓደ እዋን ክልተ መራፍእ እዩ ዝወስድ። እቶም ክታበታት ኣብ ሰለፍ ወይ ኣብ ቅልጽም እዮም ዝወሃቡ።

## ብሰፊሑ ዝተፈተነ

ክታበት ኣብ ጥቕሚ ቅድሚ ምውዓሉ ሰፊሕ ፈተነ ይግበረሉ እዩ። ልክዕ ከምቲ ንኻልኦት መድሃኒታት ዝግበር። ሓደ ክታበት ከም ዝሰርሕን ውሕስነት ዘለዎ ከም ዝኾነን ንጹር ምስ ኮነ ጥራሕ እዩ ንቆልዑት ክወሃብ ዝፍቀድ። ብተወሳኺ ኣብ ጥቕሚ ኣብ ዝውዕለሉ ግዜ እውን፣ ንውሕስነት ናይቲ ክታበት ክትትል ይገብረሉ እዩ። እዚ ኣብ ኔዘርላንድ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ኣብ ምሉእ ዓለም እውን ዝግበር እዩ።

## ክታበትን መምርሒኡን

ውላድኩም ዝወስዶም ክታበታት እንታይ ትሕዝቶ ከም ዘለዎም ክትፈልጡ ትደልዩ ዲኹም? ኣብ መርበብ-ሓበሬታ ናይ ሃገራዊ መደብ ክታበት ናይ ዝተፈላለዩ ክታበታት መምርሒታት ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ rijksvaccinatieprogramma.nl/bijsluiters ተመልከቱ።

## ንኣየኖት ሕማማት ዝምልከት እዩ?

ኣብ ኔዘርላንድ ሕጻናት ኣንጻር 13 ከበድቲ ተላባዕቲ ሕማማት ክታበት ይወስዱ። ኣብዚ ታሕቲ ድማ ብዛዕባ እዞም ሕማማት ዝያዳ ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም።

### *ጽግዕ*

ጽግዕ ንኻልኦት ነገራት ሓዊስካ ረኽሲ ናይ ጽኪታት-ምራቕ እዩ። ስለዚ ጽግዕ ዝሓዘም ቆልዑት ምዕጉርቶምን ክሳዶምን ይሓብጥ። ሳሕቲ ድማ ነድሪ ሽፋን-ሓንጎል የስዕብ እዩ። ኣወዳት ሓደ ሓደ ግዜ ብሰንኪ ሕማም ጽግዕ ፍርያምነቶም ክጎድል ይኽእል እዩ። ስለዚ ድማ ድሒሮም ውላድ ንኽወልዱ ክጸግሞም ይኽእል።

### *ዲፍተርያ*

ዲፍተርያ ኣዝዩ ከቢድ ነድሪ ጎሮሮ እዩ። ኣዝዩ ተላባዒ እዩ። ቅድሚ ምትእትታው ክታበት፣ ብዙሓት ቆልዑት ብሰንኪ ዲፍተርያ ይሞቱ ነይሮም እዮም።

### *ወይቦ ዓይነት B*

ወይቦ ዓይነት B ናይ ጸላም ከብዲ ነድሪ እዩ። ሓደ ሓደ ግዜ እቲ ቫይረስ ኣብ ኣካልካ ይጸንሕ እዩ። ከም ሳዕቤኑ ድማ ናይ ጸላም ከብዲ መንሽሮ ክሕዘካ ይኽእል።

**National Institute for Public Health and the Environment, RIVM**
P.O. Box 1
3720 BA Bilthoven
The Netherlands

www.rivm.nl/en

T +31 88 689 8989
info@rivm.nl

August 2025

### *ሕማም ሂብ*
ባክተርያ-ሂብ ከም በዓል ምምራዝ ደም፣ ነድሪ ሽፋን-ሓንጎል፣ ነድሪ ከባቢታት ልፋጭ ደባኢቶ፣ ነድሪ ሳንቡእ ወይ ነድሪ መላግበታት ዝኣመሰሉ ብርቱዓት ረኽስታት የስዕብ።

### *ቫይረስ ፓፒሎማ-ሰብ (HPV)*
'HPV' ኣሕጽሮተ-ቃል ናይ 'humaan papillomavirus' ኮይኑ ትርጉሙ ድማ ቫይረስ ፓፒሎማ-ሰብ ማለት እዩ። እዚ ቫይረስ ኣብ ደቂ-ተባዕትዮን ደቂ-ኣንስትዮን ዝተፈላለዩ ዓይነታት መንሸሮ ከስዕብ ይኽእል። ከም በዓል መንሸሮ ናይ ኣፍ፣ ጎሮሮ፣ መትሎ፣ መቐመጫን ማህጸንን ዝኣመሰሉ። ካብ ዓሰርተ ሰባት እቶም ሸሞንተ ኣብ ህይወቶም ሓደ ግዜ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ብቫይረስ ፓፒሎማ-ሰብ (HPV) ይተሓዙ እዮም።

### *ትኽትኽታ*
ትኽትኽታ ንኣዋርሕ ክጸንሕ ዝኽእል ከቢድ መጥቃዕቲ ሰዓል ዘስዕብ ሕማም እዩ። እዚ ድማ ብፍላይ ንሕጻናት ሓደገኛ እዩ። ሓያል ድኻምን ናይ ሓንጎል መጉዳእትን ከስዕበሎም ይኽእል እዩ።  ብሰንኩ ሞት ከጋጥሞም እውን ይኽእል እዩ።

### *ንፍዮ*
ንፍዮ ብርቱዕ ረስንን፣ ኣብ ቆርበት ዝወጽእ ነቑጣታትን ዘለዎ ደቂቕ ነጠብጣብ ቆርበት ዝገብር ሕማም እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ነድሪ እዝኒ ይገብር እዩ። ሓደ ሓደ ግዜ ንቆልዑት ነድሪ ሳንቡእ ወይ ነድሪ ሓንጎል የስዕበሎም፣ እዚ ድማ ክቐትሎም ይኽእል። ንፍዮ ኣዝዩ ተላባዒ ሕማም እዩ።

### *ኣንቅጺ*
ሕማም ኣንቅጺ ነድሪ ሽፋን ሓንጎልን ምምራዝ ደምን ከስዕብ ይኽእል። ብሰንኩ ክትመውት እውን ትኽእል ኢኻ። እቲ ብሃገራዊ መደብ ክታበት ዝወሃብ ክታበት ኣንጻር ኣርባዕተ ዝተፈላለዩ ናይ መኒንጎኮከን ባክተርያታት ይከላኸል፡ A፣ C፣ W ከምኡ እውን Y። እቲ ክታበት ኣንጻር ናይ መኒንጎኮከን ባክተርያ ዓይነት B ኣይከላኸልን እዩ።

### *ሕማም ፐነሞኮከን*
ፐነሞኮከን ዓይነት ባክተርያ ኮይኖም፣ ምምራዝ ደም፣ ከቢድ ነድሪ ሳንቡእን ነድሪ ሽፋን-ሓንጎልን ከስዕቡ ዝኽእሉ እዮም። ቆልዓ ክጸምም እውን ይኽእል እዩ። እቲ ዝወሃብ ክታበት ኣንጻር እቶም ብብዝሒ ዘጋጥሙ ዓይነታት ፐነሞኮከን ይሰርሕ እዩ።

### *ፖልዮ*
ፖልዮ ልምሰት ዕሽላት እውን ተባሂሉ ይጽዋዕ እዩ። ፖልዮ ቀዋሚ መልመስቲ ኣእጋር፣ ኣእዳው ወይ ጭዋዳታት ስርዓተ-ምስትፋስ ከኸትል ይኽእል።

### *ንፍዮ-ጀርመን*
ንፍዮ-ጀርመን ደቂቕ ነጠብጣብ ቆርበት ዝገብር ሕማም ኮይኑ፣ ግን ድማ ካብ ንፍዮ ብዙሕ ዘይብርትዕ እዩ። እዚ ሕማም እዚ ኣብ ግዜ ጥንሲ ነቲ ኣብ ማህጸን ዝርከብ ዘይተወልደ ዕሸል ሓደገኛ እዩ። እቲ ዕሸል ኣዝዮም ከበድቲ ዘይንቡርነታት ዘለዎ ኮይኑ ክውለድ ይኽእል እዩ። ሕጻናት ንነፍሰጾር ደቂ-ኣንስትዮ ከይልብዱ ምእንቲ ድማ ኣንጻር ንፍዮ-ጀርመን ይኽተቡ።

### *ሮታቫይረስ*
ሮታቫይረስ ናይ ከስዐን መዓናጡን ነድሪ የስዕብ። ተላባዒን ኣብ ንኣሽቱ ሕጻናት ብብዝሒ ዘጋጥምን እዩ። ብሰንኩ ድማ ንሕጻናት ረስኒ፣ (ከቢድ) ውጽኣትን ተምላስን የጋጥሞም።

### *ቫይረስ-RS*
ቫይረስ-RS ኣብ ስርዓተ-ምስትንፋስ ረኽሲ ከስዕብ ይኽእል። ብፍላይ ንኣሽቱ ህጻናት ድማ ብሰንኩ ብኸቢድ ክሓሙ ይኽእሉ። ንኣብነት ናይ ምስትንፋስ ሕጽረት ክገብረሎም ይኽእል፣ ወይ ነድሪ ሳንቡእ ከጋጥሞም ይኽእል።

### *ተታኑስ*
ተታኑስ ምጭብባጥ ጭዋዳታት የስዕብ። ሕክምና ምስ ዘይግበረሉ ተታኑስ ቀታሊ ሕማም እዩ። ተታኑስ ተላባዒ ኣይኮነን። ቆልዓ ብእንስሳ (ዘቤት) እንተደኣ ተነኺሱ፣ ወይ ናይ ጎደና ርስሓት ናብ ቁስሉ እንተድኣ ኣትዩ ተታኑስ ክሕዞ ይኽእል እዩ።

### ጎድናዊ ሳዕቤናት

ክታበታት ጎድናዊ ሳዕቤናት ከኽትሉ ይኽእሉ እዮም። እዚ ድማ ሙብዛሕትኡ ግዜ ክታበታት ንስርዓተ ምክልኻል ሕማም ናይ ኣካል ከም ዝሰርሕ ስለ ዝገብሩ እዩ። እዞም ጎድናዊ ሳዕቤናት ዳርጋ ኩሉ ግዜ ቀለልቲ ኮይኖም ባዕሎም ዝጠፍኡ እዮም።

ድሕሪ ክታበት ቁሩብ ጸኒሑ ፎኪስ ረስኒ (ኣስታት 38 ዲግሪ ሙቐት) ምህላው እቲ ብብዝሒ ዘጋጥም እዩ። እቲ ብመርፍእ ዝተወግአ ቦታ እውን ገለ ቀይሕ ክብል ወይ ክሓብጥ ይኽእል። ውላድኩም ድሕሪ ክታበት ሮታቫይረስ ውጽኣት ወይ ተምላስ ክገብረሉ ይኽእል እዩ።

ከበድቲ ጎድናዊ ሳዕቤናት ኣዝዩ ሳሕቲ እዩ ዘጋጥም። እንተድኣ ተሻቒልኩም ምስ ሓኪምኩም ርክብ ግበሩ። ንኣብነት ውላድኩም ኣዝዩ ስለ ዝሓመመ ወይ ድሕሪ ሒደት መዓልታት ገና ቀጨውጨው ስለዘብሎ ወይ ድማ ረስኒ ስለ ዘለዎ። እቲ ኣንጻር ቫይረስ-RS ዝወሃብ ክታበት ዳርጋ ፈጺሙ ጎድናዊ ሳዕቤናት ኣየስዕብን እዩ። ውላድኩም ድሕሪ ክታበት ረስኒ እንተድኣ ገይሩሉ፣ ምስ ሓኪምኩም ርክብ ግበሩ።

*ቃንዛ ንምቕላል ዝሕግዙ ገለ ምኽርታት፥*
ረስኒ፣ ውጽኣት ወይ ተምላስ ኣብ ዝህልወሉ እዋን እኹል ፈሳሲ ምስታይ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

- ንኣሽቱ ሕጻናት ቀጨውጨው ኣብ ዝብልሉ እዋን ምሕቛፍን ምዝንጋዕን ቃንዝኦም ንምርስሳዕ ይሕግዝ እዩ።
- ቆልዓ ቃንዛ ምስ ዝህልዎ ወይ ብሓቂ ጽቡቕ ዘይተሰምዖ ምስ ዝመስል፣ ፓራሲታሞል ክሕግዝ ይኽእል እዩ። ውላድኩም ክወስዶ ዝግበኦ መጠን ክንደይ ምዃኑ ድማ ኣብቲ መምርሒ መድሃኒት ተመልከቱ።
- ነቲ ክታበት ዝተወግኣሉ ኢድ ወይ እግሪ፣ ብዙሕ ዘይምትንካፍ ዝሓሸ እዩ። እዚ ነቲ ቃንዛ ክጋድዶ ይኽእል እዩ።

### ጎድናዊ ሳዕቤን ምሕባር

ናይ ሓደ ክታበት ጎድናዊ ሳዕቤን ብዝምልከት ነቲ ክታበት ዝሃበ ሓኪም ወይ ነርስ ክትሕብሩ ትኽእሉ ኢኹም። ንሳቶም ድማ ነቲ ጎድናዊ ሳዕቤን ናብ ማእከል ጎድናዊ ሳዕቤናት ላረብ (Lareb) ከማሓላልፍዎ እዮም። ባዕልኹም እውን ነቲ ጎድናዊ ሳዕቤን ብመንገዲ [www.lareb.nl](http://www.lareb.nl) ናብ ላረብ (Lareb) ክትሕብሩ ትኽእሉ ኢኹም።

### ውላደይ ኣየኖት ክታበታት እዩ ክወስድ?

መደብ ክታበት ኣብዚ ተመልከቱ፥ [rijksvaccinatieprogramma.nl/en/brochures-national-immunisation-programme#Vaccination-schedule](https://rijksvaccinatieprogramma.nl/en/brochures-national-immunisation-programme#Vaccination-schedule)

### ንምፍላጡ ጽቡቕ

*ክታበት ትኽትኽታ*
እታ ኣደ ኣብ እዋን ጥንሲ ኣንጻር ትኽትኽታ እንተድኣ ዘይተኸቲባ፣ እቲ ህጻን ኣብ መንጎ 6ን 9ን ሰምንታት ኣብ ዘሎ ግዜ ተወሳኺ ክታበት ክቐርበሉ እዩ። ግን ድማ ኣብ ፍሉይ ኩነታት እውን ከምኡ። ሓኪም ቆልዑትን መንእሰያትን ብዛዕባ እዚ ምሳኺ ክዘራረብ እዩ።

*ክታበት ኣንጻር ሮታቫይረስ*
እቲ ኣንጻር ሮታቫይረስ ዝወሃብ ክታበት ብመርፍእ ዘይኮነስ፣ ካብ ንእሽቶ ቱቦ ብመልክዕ ፈሳሲ እዩ ዝወሃብ። ቆልዑት ነቲ ክታበት ብመልክዕ ነጠብጣብ ኣብ ኣፎም ይወስድዎ።

*ክታበት ኣንጻር ቫይረስ-RS*
ካብ ቀውዒ 2025 ጀሚሩ፣ ህጻናት ኣንጻር ቫይረስ-RS ክታበት ክወስዱ ይኽእሉ እዮም። ቫይረስ-RS ብብዝሒ ኣብ ቀውዒን ሓጋይን ማለት እዋን ቁሪ እዩ ዘጋጥም። ስለዚ እቲ ውላድኩም ዝውለደሉ ወቕቲ እዩ፣ ውላድኩም መዓስ ክታበት ከም ዝወስድ ዝውስን። ካብ ወርሒ ጥቅምቲ ክሳብ መጋቢት ዝተወልዱ ህጻናት፣ ድሕሪ ምውላዶም ኣብ ውሽጢ 2 ሰምንታት ክታበት ክወስዱ እዮም። ካብ ሚያዝያ ክሳብ መስከረም ዝተወልዱ ህጻናት ድማ፣ ነቲ ክታበት ኣብ ወርሒ መስከረም ወይ ጥቅምቲ ክወስዱ እዮም።

### ውላደይ ሓሚሙ ኣሎ። ሕጂ እንታይ ይገብር?

ዕድመ ተቐቢልኩም ዲኹም፣ ግን ድማ ውላድኩም ሓሚሙ ድዩ ዘሎ? ስለዚ ምስ ሓኪም ቆልዑትን መንእሰያትን፣ ወይ ምስ ነርስ ቆልዑትን መንእሰያትን ተመያየጡ። ሓደ ሓደ ግዜ ነቲ ክታበት ሓንሳብ ናብ ካልእ ግዜ ከተመሓላልፎ ተመራጺ እዩ። ውላድኩም መድሃኒት ይወስድ ምስ ዝህሉው እውን ብዛዕባ እዚ ኣቐዲምካ ምምይያጥ ጽቡቕ እዩ።

### ሕቶታት?

- ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብዚ ተወከሱ፡ [rijksvaccinatieprogramma.nl](rijksvaccinatieprogramma.nl)
- ዝኾነ ሕቶታት ምስ ዝህልወኩም፣ ኩሉ ግዜ ኣብ ናትኩም ማእከል ጥዕና ሕጻናት፣ ማእከል ንኡሳትን ስድራ-ቤትን፣ ወይ ናይ ዘባኹም GGD ንዝርከብ ሓኪም ወይ ነርስ ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም።
- ኣብ [vaccinaties.steffie.nl](vaccinaties.steffie.nl) ብቀሊል ቋንቋ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእል ኢኹም።
- ብዛዕባ ምኽታብ ጥርጣረታት ኣለኩም ድዩ? ስለዚ ናብ ተሌፎን-ጥርጣረ (Twijfeltelefoon) እውን ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም፡ 088 – 7 555 777።

### ካብ ሃገራዊ መደብ ክታበት ወጻኢ ዝወሃቡ ክታበታት

ኣብ ሃገራዊ መደብ ክታበት ዘይተኻተቱ ክታበታት እውን ኣለዉ። እዚኦም ክታበታት ኣንጻር ፍሮማይን ኣንቅጺ ዓይነት Bን እዮም። እንተደኣ ነዚኦም ክታበታት ትደልዩ ኮይንኩም፣ ብዛዕባ እዚ ምስ ሓኪምኩም ወይ ማእከል ክታበት ክትመያየጡ ትኽእሉ ኢኹም። ነቲ ክፍሊት ግን ባዕልኹም ክትከፍልዎ ኣለኩም። ነዚኦም ክታበታት ኣብ ማእከል ጥዕና ሕጻናት ክትወስድዎም ኣይትኽእሉን ኢኹም።

ምስ ውላድኩም (ናብ ርሑቕ) ክትገሹ ዲኹም? ስለዚ ተወሰኽቲ ክታበታት ዘድልዩ ምዃኖምን ዘይምዃኖምን ንምፍላጥ፣ ናብ ቤት-ጽሕፈት ክታበት ተጎዓዝቲ (GGD) ተወከሱ።

### *ሕማም ዓባይ ሰዓል*

ሕማም ዓባይ ሰዓል ክሕዞም ልዑል ተኽእሎ ዘለዎም ቆልዑት፣ ኣንጻር ሕማም ዓባይ ሰዓል ክታበት ንኽወስዱ ይቐርበሎም እዩ። እንተደኣ ውላድኩም ነዚ ክታበት ክወስድ ብቑዕ ኮይኑ ካብ GGD መጸዋዕታ ክትቕበሉ ኢኹም። ሕቶታት ምስ ዝህልወኩም ድማ ናብ GGD ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም። ናይዚ ክታበት ወጻኢታት ብመድሕን ጥዕና እዩ ዝሽፈን።

### ሓበሬታታት ብዛዕባ እቲ ክታበት

ውላድኩም ክታበት እንተድኣ ወሲዱ፣ ክንክን ጥዕና ቆልዑትን መንእሰያትን (JGZ) ብዛዕባ እቲ ክታበት ዝምልከቱ ሓበሬታታት ኣብ ናይ JGZ ስርዓትን፣ ኣብ ናይ ክታበት ምስክር ወረቐትን ክምዝግቦም እዩ።

### *ፍቓድ*

ፍቓደኛ እንተድኣ ኮይንኩም፣ JGZ ነቶም ሓበሬታታት ንሃገራዊ ተቐዋም ህዝባዊ ጥዕናን ኣከባቢን (RIVM) ከካፍሎ እዩ። እዚ ንሓበሬታታት ናይቲ ክታበትን ንውልቃዊ ሓበሬታታትን ዝምልከት እዩ። ሓኪም ወይ ነርስ ናይ JGZ፣ ነዚኦም ሓበሬታታት ኣብ መንጎ JGZ ከምኡ እውን  RIVM ንምክፋል ፍቓድ ክሓተኩም እዩ። እዚ ፍቓድ ኣገዳሲ እዩ። RIVM ዝተፈላለዩ ዕማማት (ብግቡእ) ክፍጽም ዝኽእል፣ ቆልዓኹም ኣየኖት ክታበታት ከምዝወሰደ ብልክዕ ምስ ዝፍለጥ ጥራይ እዩ።

### RIVM በዞም ሓበሬታታት እንታይ ይገብር?

RIVM ንኣብነት ነቶም ሓበሬታታት፣ ንክታበታት ናይ ውላድኩም ዝምልከት ቅኑዕ መዘኻኸሪ ንኽሰደልኩም ይጥቀመሎም፣ እዚ ድማ ውላድኩም ንኹሎም ኣብ ሃገራዊ መደብ ክታበት ዝርከቡ ክታበታት ክወስድ ምእንቲ ክኽእል እዩ። ሓበሬታታት ክታበት ናይ ውላድኩም ብመንገዲ ([mijn.rivm.nl](mijn.rivm.nl)) ክትርእይዎን ሓቲምኩም ከተውጽእዎን እውን ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ንወጻኢ ሃገር ንዝግበር ጉዕዞ ክጠቅም ይኽእል እዩ። ብተወሳኺ RIVM ኣብ ኔዘርላንድ ክንደይ ሰባት ከም ዝተኸትቡ ክፈልጥ ይደልይ እዩ። ስለዚ ድማ ንኣመዓባብላ ተላባዕቲ ሕማማት ኣብ ኔዘርላንድ ብግቡእ ክንከታተሎ ንኽእል።

ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብዚ ተወከሱ፡ [rijksvaccinatieprogramma.nl/jouw-toestemming](rijksvaccinatieprogramma.nl/jouw-toestemming)

እዚ ሕትመት ናይዚ ዝስዕብ እዩ፡
Rijksinstituut voor Volksgezondheid en Milieu
Postbus 1 | 3720 BA Bilthoven
www.rivm.nl

ነሓሰ 2025

*ናይ ጽባሕ ክንክን ሎሚ ይጅምር*